# ንናይ ሓደጋ ግዜ ዕንወት ዝኸውን ማይ ኣቐምጡ





ንነፍሲ ወከፍ ሰብ




ነፍሲ ወከፍ መዓልቲ ን 3 መዓልታት

ኣብ 6 ወርሒ




ባዶ ጌርኩም እንደገና ምልእዎ

ኣይትጠቀምሉ




ንማይ መትሓዚ ዝኸውን

City of Seattle

Seattle Emergency Management

Seattle Office of Emergency Management
www.seattle.gov/emergency
206-233-5076

Seattle Public Utilities

# ንናይ ሓደጋ ግዜ ዕንወት ዝኸውን ማይ ኣቐምጡ

**ናይ ተፈጥሮ ሓደጋ ከምእኒ ምንቅጥቃጥ መሬት፥ ነቲ ናይ ማይ ቱቦታት ከዕንውዎ ይኽእሉ እዮም። ስለዚ ንነፍሲ ወከፍ ኣባል ስድራቤትኩም ብውሕድ ን3 መዓልታት ዝኸውን ማይ ኣቐምጡ።**

## ንግዜ ሓደጋ ዝኸውን ማይ ብኸመይ ክተቐምጡ ከም ትኽእሉ

ነዞም ዝስዕቡ ደረጃታት እንተደኣ ተኸቲልኩም፥ ናይ ጽሟቕ መትሓዚ ጋሎን፥ ኣዝዮም ጠቓምቲ መትሓዚ ማይ ክኾኑ ይኽእሉ እዮም።

- እቲ መትሓዚ ማይ ጽሩይ ምዃኑ ኣረጋግጹ። ኣብቲ መትሓዚ፥ 1/8 ናይ ሻሂ ማንካ በረኪና ከምእውን 2 ኩባያ ማይ ግበሩ። ነቲ መትሓዚ ከዲንኩም ነቕንቕዎ። ነቲ መትሓዚ ኣብ ጥቓ መኽደኒኡን ከምእውን ኣብ ላዕላይ ክፍልን ሕጸብዎ።

- ደሓር ንኩሉ ኣውጺእኩም ነቲ መትሓዚ ብሓድሽ ማይ ክሳብ ጫፉ ምልእዎ። ኣትሪርኩም ብምዕጻው፥ ኣብቲ መትሓዚ ማይ ኣብ ሓደጋ ግዜ ዝስተ ማይ ዝብል ጽሑፍ ግበሩሉ። ከምእውን እቲ ማይ ዝመላእክምሉ ዕለት ጽሓፍሉ።

- ብዝተኻእለ መጠን ብዙሕ ማይ ኣቐምጡ! **ንነፍሲ ወከፍ ኣባል** ናይ ስድራቤትኩም **ሰለስተ ጋሎን ማይ** ከተቐምጡ ይግባእ።

- ኩሉ ግዜ ኣብ 6 ወርሒ ነቲ ማይ ካብቲ መትሓዚ ኣውጺእኩም እንደገና ብሓድሽ ማይ ምልእዎ። (ኣብ ግዜ ሓጋይን ቀውዕን፥ ሰዓትኩም ኣብ ትቕይሩሉ ግዜ፥ ነቲ መትሓዚ ማይ ድማ ገልቢጥኩም እንደገና ብኻልእ ማይ እትመልእሉ ግዜ ክኸውን ጽቡቕ እዩ።)

መጠንቀቕታ፥ እዞም ዝስዕቡ መትሓዚታት ክትጥቀሙ የብልኩምን፤ ጠርሙዝ መትሓዚ (ብቐሊሉ ስለ ዝስበር)፤ ናይ ጸባ ፕላስቲክ መትሓዚ (ክትዕሽጎ ኣሸጋሪ ስለዝኾነን ብቐሊሉ ስለዝቕደድን) ወይድማ ናይ በራኪና ወይ መረዝቲ ከሚካላት መትሓዚ ዝነበሩ።



Tigrinya